# ንሽላ ሽላ ኣለዋ



ን ሽላ ሽላ ኣለዋ
ንጸልማት ብርሃን ኣዋ
ንዓመጽ ገደብ ኣለዋ
ቃልሲ ንፍታሕወፍሪ ጻዕሪ
ሞያ ዘይሓትት ግድነት ከተጥሪ
ብብዘለካ ተበግሶ ንኽብሪ
ጸላምት ክትቅንጥጥ ብወፍሪ።
ተራእዩ ኣብነት ኤርትራዊ

ተጠቢሱ ዝወጸ ብሓዊ
መጻውዒዑ ውዕሎ መርሃዊ
ጽምኣት ሕብረተ-ሰብ ዘርዊ።
ሽላ ክሊንቶን ዙዛን ራይስ
ሕልመን ቅሒሙ ውዕሎ ፈዘዝ
ወያነ ጂቡቲ ስእኖም ዝጥምዝዝ
ከምዝሓፈረ ዓለም ዝኣበዮም ምእዛዝ።
ከምቆልዓ ኣጻብዕቶም ነኺሶም
ዘፍሓምዎ ጓህሪ ሓዊ ኮሊሶም
ምዝራብ ስኢኖም ነዲዳ መልሓሶም
ይሓልሙ ኣለዉ ትራምፕ ተኾሊሶም።
ዕስራ ምልዮን ናይ ክሊንተን ክምለሶም
ንምህሳይ ኤርትራ ዝመጠዉ ካብዘይብሎም
ጠላዕ ዝተበልዑ መቋምርቲ ዘትብሎም
ክጥቅኑና እዮም ዓሰብ ኣሳቢቦም።

ጽቡቕ ኣይንጽበን ክሳብ መቓብሮም
ዘይተርፎም "ዩ ውዒሎም ሓዲሮም
ቀሪቦም "ዮም ክወጹ ዕርቃኖም
ንዕና ዘይኮነ ክርህዎ ህዝቦም።
ኣንታ ናይዞም ሓተላ ሎምቅነ
ዓቦም ሃሰው ዕነ ምነ
ቅያር ስኢኖም ንኹናነ
ፈንጂ ኣርጊጽናዮም ዘይተኣደነ።
ሃየ በሉ ሃገራዊ ሽማግለ
ውራይ ይጽበየኩም ኣሎ
ንሓድነት ህዝቢ ኩሉ ዝኸፈለ
ን ኹሉ ዝጠምር ብዘይ ተነጽሎ።
ከምቲ ናይ ሰውራዊ ውዕሎ
እዚ ዝተበህለ ነው ንብብሎ
ንነገራት ብዕቱ ንርኣዮ
ነብስሎ ንሃገር ውነት ነማእከሎ።
ብሃይማኖት ዝሸቅጥ ነንጠልጥሎ
ብወገን ዝጉስጉስ ንንቅሎ
ብዓዳውነት ዝመላለስ ንምሓዎ
ብትምክሕቲ ዝልዕጠጥ ንነጽሎ
ንሕድሪ ሰማእቲ ንትከሎ

ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት
ዓውት ንሓፋሽ
ወልዳይ ተኽስተ
ዕለት 15 11 2016 ማንሃይም